# ጀጋኑ ስዋኣትና

እምብልና በሃልቲ ንወፅዓ ንግዛኣት
ድንብርፅ ዝይብሉ ሰብ ሓቦ ሰብ ፅንዓት
ፂሒፎም ከይኖም ብፍልጠት ብብቕዓት
ዓወት ብዓወት ኣብ ኩሉ መዳያት
መስሪቶም ሓሊፎም ዝደልይዎ ስርዓት
ሰብ ድርብ ስረ ጠበቓ ናይ ሕዝቢ
ኣብ ሕማቕ ኣብ ፅቡቕ ዝዓስሉ ከም ንህቢ
ጽኑዕ ዝዕምነቶም ተቀበልቲ ሕድሪ
እንትድለዩ መልኣኽ እንትደልዩ ነብሪ።
ኩሉ ኣውዲቕናዮ ኣባኹም እምነትና
ድላያ ከትረክብ ከትምዕብል ዓድና
ዓዲ ሣይንስ ክትኮን ዓዲ ፍልስፍና
መሊቖም ጠፊኦም ኣለዉ እንዳበልና።
ንኽትዕወት ወላድ ብዙሕ ተጸብያ
ኣብዙይ ክትበጽሑላ ብዙሕ ተመንያ
ታሪክ እንትትሰርሑ ብርሃን ዓይና ርዕያ
ናይ ብዙሓት ተስፋ ከንዲ ኣዶ ከንደያ
ረኻቢት ጉድ ወላድ ንምሽቱ በኺያ
ዉዝፍ ስራሕቲ ገና እንድሃለዩ
ወሊድኩም ቆልዑ ገና ዝይዓበዩ
ዛንታኹም ንምፅሓፍ ዘይውዳዕዩ
ተይተሰናበተ ጀግና ይኺይድ ድዩ።

ንሰላም ንፍቕሪ ንሒወት ጥዕና
ንናብራ ቕሳነት ንዕብየት ሓገርና
ክንርከቦ ጀሚርና ንዓኻትኩም ሒዝና
ተጎዲዕኹም እምበር እንታይ ኮይና ንሕና
ጋኖት ኣይኮንኩምን ፅንኺዕ ኮንኩም ናህና
ከመይ እዩ ነይሩ ንገረና' ባ ሓለፋይ
ከዋኽብቲ ምድሪ ፍርያት ናይ ትግራይ
ዕረፍቲ ዘየለ ጉያ ላዕላይ ታሕታይ
ህዝቢ እንዳበኸየ እንዳበለ ዋይ ዋይ
ዘይሓልፍ ጎ,ሂ ዘይሓልፍ ስቓይ
ነዓኹም ክንመልስ እንተዝኾነልና
ዋጋ እንተዝህሉ ዝኽፈል ከፊልና
ብፀሎት ብምስጋድ ዋላ ተማህሊልና
ገና ዘይተኸፍለ ከቢድ ዕዳ ኣሎና
ንሓንቲ መዓልቲ ክትኮኑ ምሳና
ክነምስግነኩም ዕድል ምረኸብና
ትንሕጎስ ብሓደ ትንሓዝን ሓቢርና
ደቒ ሓደ ኸብዲ መንከ ከፈልየና
ፅንዓት የሃባትኩም ፅንዓት የሃበና
ኣሰርም ንከተል ናይዞም ኣሕዋትና።

ኣሰፋ ብርሃነ ካብ ስያትል ዋሽንግቶን

10-09-2011